# ዘይተኸፈለ ሕሳብኩም ብዝምልከት ሓደ ብስም ስኮቲሽፓወር (ScottishPower) ዝሰርሕ ትካል ምእካብ ዕዳ ርክብ ገይሩልኩም ኣሎ።

## ሕጂ እንታይ ክትገብርዎ ዘለኩም

በጃኹም ምስቲ ትካል ምእካብ ዕዳ ብቐጥታ ተዘራረቡ፣ ናይ ርክብ ዝርዝር ሓበሬትኦም ኣብቲ ዚሰደድልኩም ደብዳበ ወይ መልእኽቲ ይርከብ። እንተ ደኣ ደሊኹም ላንጉጅላየን (LanguageLine) ከም ሓደ ብተሌፎን ኣቢልካ ናይ ምትርጓም ኣገልግሎት ክትጥቀሙ ትኽእሉ ኢኹም።

## እንተ ዘይተራኸብኩም እንታይ ይፍጠር

ዚሰማማዕ መሊስካ ናይ ምኽፋል ኣገባብ ንምኽፋል ወይ ንምዝታይ ነቲ ትካል ምእካብ ዕዳ እንተዘይተራኺብኩምዎ እቶም ኣብ ዚቕጽሉ ኣብ ሕሳብኩም ዝውሰዱ ስጉምቲታት እንታይ ምዃኖም ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። እንተ ዘይተራኺብኩም ከምዚ ዚስዕብ ክንገብር ንኽእል ኢና፦

- ናብ ገዛኹም ክንበጽሕ ንኽእል ኢና
  ብዛዕባ ኹነታትኩም ምእንቲ ኺዛረበኩም ሓደ ሰብ ናብ ገዛኹም ኽንልእኽ ንኽእል ኢና። ከም ሓደ ኣካል ናይቲ ምብጻሕ፡ ናይ ድምጺ ቅዳሕን ኣብ ኣካላት እተኸድነ ካሜራን ክውሰድ ይከኣል ኢዩ። እዚ ድማ መሰላትኩም ንምሕላውን ውሕስነት ንምርግጋጽን እዩ። ቅዳሓት ብውሑስ ኣገባብ ይዕቀብ፣ ከምኡ'ውን ን Ofgem (ተቘጻጻሪ ጸዓት) ኪካፈል ይኽእል እዩ፣ ንሓሙሽተ ዓመት ድማ ኪዕቀብ እዩ።

  ኩሎም ቅዳሓት ነዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ ዕላማታት ኣብ ጥቕሚ ክውዕሉን ብውሑስ ኣገባብ ክዕቀቡን እዮም። ውልቃዊ ሓበሬታ ኣብ ዘየድሊ እዋን ንምውጋድ ዚኸውን ስጉምትታት ኣሎና።

  ድሕሪ እዚ ምብጻሕ እዚ ሕሳብ እንተ ዘይተኸፍለ ወይ መሊስካ ናይ ምኽፋል ኣገባብ እንተ ዘይተገይሩ Pay As You Go ንስድራ ቤትኩም ዚሰማማዕ ናይ ክፍሊት ሜላ እንተ ኾይኑ ኽንምርምር ኢና። ንዓኻትኩም ዚሰማማዕ ኰይኑ እንተ ተሰሚዑና ነዚ ዚስዕብ ክንገብሮ ንኽእል ኢና።

- ስማርት ሜትርኩም ናብ Pay As You Go ቀይሩ
  ስማርት ሜትሮ እንተ ኣልይኩም ብዘይ ፍቓድካ ነቲ ስርዓት ሜተርኩም ብርሕቀት ናብ Pay As You Go ክንቅይሮ ንኽእል ኢና።

- ናብ ገዛኹም ንምእታው ዘኽእል ትእዛዝ ንምርካብ ክነመልክት ንኽእል ኢና
  ስማርት ሜትሮ ዘይብልኩም እንተ ኼንኩም ብመሰረት ሕጊ ናይ ምእታው መሰላት (ቦርድ ጋዝን ኤለክትሪክን) 1954 ትእዛዝ ንምርካብ ናብ ቤት ፍርዲ ከነመልክት ንኽእል ኢና፣ እዚ ድማ ንዓኹም ን Pay As You Go ዚኸውን ኣቐዲምካ እትኽፍል መዐቀኒ ንምኽፋት ናብ ገዛኹም ኽንኣቱ መሰል ይህበና።

## ናይ ምእታው ትእዛዝ እንተ ረኺብና እንታይ እዩ ዚኸውን?

እቲ ቤት ፍርዲ ትእዛዝ እንተ ሂቡና ን Pay As You Go ዚኸውን ኣቐዲምካ እትኽፈል መዐቀኒ ንምግጣም ብፍቓድኩም ወይ ብዘይ ፍቓድኩም ናብ ገዛኹም ኽንኣቱ ንኽእል ኢና። ኣብ ገዛኹም እንተ ዘይኼንኩም ናብ ገዛኹም ብሓይሊ ኽንኣቱ የድልየና ይኸውን እዚ ድማ ጉድኣት ኬምጽእ ይኽእል እዩ፣ ስለዚ ናብ ገዛኹም ምእታው ክንኣትው እንተፈቐዲኩም ቀሊል ኪኾነልኩም እዩ። ድሕሪኡ ንገዛኹም ውሑስ ክንገብሮ ኢና፣ ኣድላዪ እንተ ኾይኑ ድማ ነቲ ሰጋጥ ኽንቅይሮ ኢና።

እቲ መዐቀኒ ኣብ ዚግጠመሉ እዋን ጸዓትኩም ንሓጺር እዋን ኪጠፍእ እዩ። እዚ ድማ ክሳብ ሓደ ሰዓትን ፈረቓን ክወስድ ይኽእል እዩ።
ስኮቲሽፓወር ነቲ ናይ ቤት ፍርዲ ስጉምትን ናይ ትእዛዝ ምብጻሕን ወጻኢታት ከኽፍለኩም ምዃኑ ንሕብረኩም። እዚ ድማ ክሳብ £150 ክኽፈለኩም እዩ

### Pay As You Go ብኸመይ ኣገባብ ይሰርሕ
ቅድሚ ምጥቃምካ ነቲ ጋዝን ኤለክትሪክን ንምኽፋል ነቲ ሜትሮ ገንዘብ ትመልኦ። ልክዕ ከም ሞባይል ተሌፎን ከም ምምላእ እዩ ዚዓዪ፣ ኣብ ናይ ጸዓት መዐቀኒ ገንዘብ ትውስኸሉ እቲ ገንዘብ ከኣ ንጸዓት እትጥቀመሉ ገንዘብ ይኸፍል።

እቲ መዐቀኒኹም ነቲ ዝተረፈ ዘይተኸፈለ ሕሳብኩም ንምምላስ ኪዳሎ እዩ - እዚ መሊስካ ናይ ምኽፋል መጠን ይብሃል። እቲ እትውስኽሉ መጠን ነቲ ቐጻሊ ኣጠቓቕማ ጸዓት ከምኡውን ነቲ ዝተረፈ ዘይተኸፈለ ሕሳብኩም ንምኽፋል ዚኽፈል መጠን ይሽፍን። ኵሉ ሳዕ ንዓኹምዚሰማማዕ መሊስካ ናይ ምኽፋል መጠን ምሳኹም ክንሰማምዓሉን ክንመያየጠሉን ኢና። ነቲ መዐቀኒ ኽንገጥሞ ኸለና ኣብ ገዛ እንተ ዘይኼንካ ነባሪ ናይ ምኽፋል መጠን ክንውስን ኢና፣ ንምቕያር ድማ ምሳና ኽትራኸቡ ትኽእሉ ኢኹም።

### እቲ Pay As You Go ንዓኹም ዘይሰማማዕ ኰይኑ እንተ ተሰሚዑኩም ሕጂ ንገሩና
ስድራ ቤትኩም ኣብ Pay As You Go ሜተር ክትጥቀም ዘይትኽእል ኰይኑ እንተ ተሰሚዑኩም በጃኹም ንገሩና። Pay As You Go ንብዙሓት ሰባት ጽቡቕ እዩ ዚሰርሕ ፣ ምኽንያቱ ባጀት ንጸዓት ዚሕግዝ እኳ እንተ ኾነ ንኹሉ ሰብ ግን ኣይምችውን እዩ ። ንኣብነት ኣብ ገዛኹም ዘሎ ሰብ ናይ ጥዕና ጸገም እንተ ኣልይዎ ቀጻሊ ጸዓት ወይ ካልእ ፍሉይ ድሌት እንተ ኣድልይዎ ንገሩና። ንኹነታትኩም ኣብ ግምት ከነእትዎ ኢና።

ከምቲ ኣቐዲሙ እተገልጸ ነቲ ዝተረፈ ዘይተኸፈለ ሕሳብኩም ንምምላስ ዚሕግዝ ክፍሊት ተወሰኹ ኪኸውን ከም ዚኽእል ኣስተብህሉ። ንተወሳኺ ሓበሬታ በጃኹም ንመግለጺኹም ተወከሱ።

### እዚ ዝተረፈ ዘይተኸፈለ ዕዳ እዚ ንዓኻ ዘይምልከት ኰይኑ እንተ ተሰሚዑኩም እንታይ ክትገብሩ ኣሎኩም
ናብ ሓድሽ ገዝኣ ዝገዓዘ ሓድሽ ተኻራዪ ወይ ወናኒ ገዛ እንተ ኼንኩም እሞ እዚ ዘይተኸፍለ ሕሳብ ንዓኹም ዘይምልከት ኰይኑ እንተ ተሰሚዑኩም በጃኹም ክንዲ ዝተኸኣለ መጠን ቀልጢፍኩም ንገሩና። ከም ውዕል ክራይ ገዛ ወይ ነቲ ንብረት ዚኣመሰለ ኣብ ቀረባ እዋን ከም ዝዓደግካዮ ዜረጋግጽ ናይ ጠበቓ ደብዳበ ኣብ ዕለቱ ኸም ዝገዓዝኩም ዜረጋግጽ መርትዖ ኽተርእዩ ኣለኩም። በጃኹም ነዚ ናብ ትካል ምእካብ ዕዳ ኣመሓላልፉ።

## ተወሳኺ ሓገዝን ደገፍን

### እንግሊዝኛ ናይ መጀመርያ ቛንቋኹም እንተ ዘይኰይኑ ከመይ ጌርኩም ክትዘረቡና ትኽእሉ?
እንግሊዝኛ ናይ መጀመርታ ቛንቋኹም እንተ ዘይኰይኑ ብዛዕባ ናይ ጸዓት ሕሳብኩም ንምምይያጥ ንብዙሓት ቋንቋታት ተርጐምቲ ክነቕርበልኩም ንኽእል ኢና፣ ነዚ ንምድጋፍ LanguageLine ንጥቀም ኢና።
ካብ ሰኑይ ክሳዕ ዓርቢ ካብ ሰዓት 9 ናይ ንግሆ ክሳዕ ሰዓት 5 ድሕሪ ቐትሪ **0345 270 0700** ደዊልኩም LanguageLine ሕተቱ።

### ሓገዝን ደገፍን ኣብ ክፍሊትኩም
ሓገዝ ዘድልየኩም እንተ ኾይኑ ስኮቲሽፓወር ከምኡውን ካልኦት ትካላትን ክድግፍኹም ዚኽእልሉ መንገድታት ኣሎ።

ክንገብሮ እንኽእል ነገራት፦

- ከም ክፍሊትኩም ብቐጥታ ብዳይረክት ደብት (Direct Debit) ምዝርጋሕ ወይ ከኣ ምስ ክፍሊ ስራሕን ጡረታን (DWP) ብምትሕብባር ብቐጥታ ካብ ጥቕምታትኩም ናይ ነዳዲ ቐጥታዊ ክፍሊታት ኣገባብ ክትከፍሉ ዜኽእል ዝተፈላለየ መንገዲታት ክነቕርበልኩም ንኽእል ኢና።

- ኣብ ናይ ጸዓት ልማድኩም ቐሊል ለውጢ ብምግባር ወጻኢታትኩም ንኸትንክዩ ክንሕግዝኩም ንኽእል ኢና። ኣብ **scottishpower.co.uk/energy-efficiency** ኣብ ናይ ጸዓት ስሉጥነት ወብ ሳይትና ዝያዳ ኣንብቡ ወይ ከኣ ገለ ጠቓሚ ምኽርታት ኣብ **energysavingtrust.org.uk** ርኸቡ

- ብምኽንያት ስንክልና ወይ ሕዱር ሕማም ተወሳኺ ደገፍ ምስ ዘድልየኩምካ ወይ ከኣ ጡረታ ዝኸፈል ዕድመ እንተ ኼንኩም ናብ መዝገብ ቀዳምነት ዝወሃቦ ኣገልግሎታት ክነእትወኩም ንኽእል ኢና። ካብ ናይ ሜትሮ (መዐቀኒ) ንባብ ክሳዕ ናይ ጋዝ ድሕንነት መርመራታት ንምንባብ ዝቐለለ ኽፍሊት ክሳዕ እቲ ብቐጻሊ ቀረብ ኤለክትሪክ ዘድልየኩም እንተ ኾይኑ ንኦፐሬተር ኔትዎርክ ኤለክትሪክ ንምሕባር፣ ናትና PSR ክሕግዘና ይኽእል እዩ። ኣብ **scottishpower.co.uk/psr** ዚያዳ ፍለጡ

- ናብ StepChange ብናጻ ናጻ ናይ ዕዳ ምኽሪ ይህበኩም። ናብ **stepchange.org** ክትበጽሑ ወይ ከኣ **ብቍጽሪ 0800 138 1111** ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም። ብተወሳኺ እውን ብዛዕባ እቲ ትሑት ኣታዊ ዘለዎም ብቑዓት ዓማዊል ነቲ ዝተረፈ ዘይተኽፈለ ሕሳቦም ንምቕናስ ዝሕግዝ ናይ ስኮቲሽፓወር ሃርድሺፕ ፋንድ ዝርዝር ሓበሬታ ክህቡ ይኽእሉ ኢዮም።ኣብ **scottishpower.co.uk/fund** ዝያዳ ኣንብቡ  ወይ ከኣ ብቍጽሪ **0121 285 2595** ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም

Citizens Advice ናጻን ኣድልዎ ዘይብሉን ምኽሪ ክህበኩም ይኽእል እዩ። ኣብ citizensadvice.org.uk/energy መርበብ ሓበሬታኦም ክትበጽሑ ትኽእሉ **ኢኹም።** ኣብ ዓዲ እንግሊዝን ዌልስን ብቍጽሪ **0808 223 1133** ኣቢልኩም ምስ Citizens Advice ክትራኸቡ ትኽእሉ ኢኹም። ንዌልሽ ዚዛረብ መስመር እቲ ቊጽሪ **0808 223 1144** እዩ። ኣብ ስኮትላንድ ምስ Advice Direct Scotland ብቍጽሪ **0808 196 8660** ወይ ኣብ **energyadvice.scot** ክትራኸቡ ትኽእሉ ኢኹም

## ብተደጋጋሚ ዚሕተት ሕቶታትን መልስታትን እንሆ፣ ናብ Pay As You Go ትግዕዙ እንተለኹም ወይ ድሮ እንተ ገዓዝኩም

**Pay As You Go ዚሰርሓል ኣገባብ፦**

- ብካርድ መፍትሕ ወይ ኣፕሊኬሽን ተጠቒምካ ሜትርኩም (መዕቀኒኹም) ትመልኡ።
- እቲ እትውስኽሉ ገንዘብ ኣብ ሜትሮ ዚተቐመጠ ሕሳብ (ክረዲት) ይኸውን።
- ጋዝ ወይ ኤለክትሪክ ክትጥቀም ከለኻ እቲ ሜትሮ ካብ ዝተቐመጠ ሕሳብኩም ገንዘብ ይወስድ
- ዚተቐመጠ ሕሳብኩም ትሑት ምስ ዚኸውን ቀረብ ጸዓት ንምቕጻል እንደገና ኽትመልኡ ኣለኩም።

**ረብሓታት Pay As You Go፦**

- ክንደይ ወጻኢ ከም እተውጽኡ ባዕልኹም ኢኹም እትመርጹ።
- ንጸዓት ክትጥቀቡ ባጀት ንኽትገብሩ ይሕግዘኩም።
- ኣቐዲምኩም ስለ እትኸፍሉ ዘይተጸበኽሞ ኽፍሊት የልቦን።

### ገንዘብ ምምላእ እንታይ እዩ? ብኸመይከ እየ ክገብሮ ዝኽእል?

"ገንዘብ ምምላእ" ንጋዝን / ወይ ኤለክትሪክን ኣብ ናይ ቅድመ ክፍሊት መዐቀኒኹም (ሜትርኩም) ገንዘብ ክትውስኹ የኽእለኩም። ነቲ ኣፕሊኬሽን ተጠቒምኩም ወይ ናብ ሓደ ድኳን ብምኻድ ክትመልኡ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ኸኣ ንወጻኢታትኩም ብቐሊሉ ንኽትቈጻጸሩን ኣብ ዜድልየኩም እዋን 1 ፓውንድ ንኽትውስኹን የኽእለኩም።

- በቲ **ባህላዊ ናይ ቅድመ ክፍሊት መዐቀኒ** ኣብ ዝኾነ ይኹን ቤት ጽሕፈት ጾስጣPayzone ወይ PayPoint ብኣካል ክትመልኡ ኣለኩም።
- **ብስማርት ቅድመ-ክፍሊት መዐቀኒ** ኣቢልኩምካ ብኣካል ወይ ብስኮትላንድ ፓወር ኣፕሊኬሽን ምምላእ ትኽእሉ ኢኹም።

## መዓስ ገንዘብ ከም ዝመልእ ብኸመይ ክፈልጥ እኽእል?

እቲ ኣብ ገዛኹም ዘሎ ናይ ሜትሮ ተቐማጢ ገንዘብ ትሕቲ £1 ምስ ወረደ የጠንቅቐኩም። ድምፂ ይስማዕ እቲ ስክሪን ድማ ይበርህ እዩ። ተቐማጢ ገንዘብኩም (ክረዲትኩም) ትሕቲ £1 እንተ ወረደ እቲ ኣብ ገዛኹም ዘሎ ናይ ህጹጽ ልቓሕ ክትረኽቡ ከም እትኽእሉ ይሕብር። IHD እንተ ዘይብልኩም እቲ መዐቀኒኹም (ሜትርኩም) ትሑት ተቐማጢ ሕሳብ (ክረዲት) ኣብ ዝህልወሉ እዋን ኪርእ እዩ፣ ብሜትር ኣቢልኩም ድማ ህጹጽ ክረዲት ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

## ድሕሪ ምምላእ ሕሳበይ መዓስ እዩ ዚመሓየሽ?

- **ኣብ ድኳን ትኸፍሉ እንተ ኼንኩም** መዐቀኒኹም (ሜትርኩም) ሽው ንሽው ኪሕደስ እዩ
- **ነቲ ኣፕሊኬሽን** ተጠቒምካ ትኸፍል እንተ ኼንካ ንምሕዳስ ክሳዕ 1 ሰዓት ኪወስድ ይኽእል እዩ። እንተ ዘይተመሓየሸ ቍጽሪ ፍሉይ ቍጽሪ ልውውጥ (UTRN) ብኢድኩም ኣብ ሜትር (መዐቀኒ) ወይ IHD ክተእትዉ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ምምላእ ገንዘብ፡ UTRN ትረኽቡ።

## ገንዘብ እንተዘይመሊአ እንታይ የጋጥመኒ?

እንተዘይመሊእኹም ጋዝን ኤለክትሪክን ክትጠፍእ ትኽእል ኢኻ። ነቲ መዐቀኒኹም ምስ ገጠምናዮ ብኸመይ ከም እትመልኡ ንጹር መምርሒ ኽንህበኩም ኢና። ናብ ገዛኹም ዚኸይድ ተወካሊ ዀሉ ነገር ኪገልጸልኩም ይኽእል እዩ፣ ኣድላዪ እንተ ኾይኑ ድማ ኣገልግሎት ትርጉም ክንጥቀም ንኽእል ኢና።

## ብዛዕባ Pay As You Go ካበይ ዝያዳ ክመሃር እኽእል?

ኣብ **scottishpower.co.uk/payg** ብዝያዳ ኽትምሃሩ ትኽእሉ ኢኹም።

## ክውስኽ እንተ ዘይክኢለ እንታይ ክገብር ኣሎኒ?

እቲ ናይ ቅድመ ክፍሊት መዐቀኒኹም (ሜትርኩም) ኣብ ለይቲ ወይ ኣብ ቀዳመ-ሰንበት ኣይጠፍእን እዩ። እቲ መዐቀኒኹም £10 ናይ ህጹጽ ግዜ ክረዲት እውን ኣለዎ። ዝኾነ ጸገም እንተ ኣጋጢሙኩም ካብ ሰኑይ ክሳዕ ዓርቢ ካብ ሰዓት 9 ናይ ንግሆ ክሳዕ ሰዓት 5 ድሕሪ ቐትሪ ብቑጽሪ **0345 270 0700** ደውሉልና ነዚ ኣገልግሎት እዚ እንተ ደሊኹም ድማ LanguageLine ሕተቱ።

Pay As You Go ንስድራቤትኩም ዘይሰማማዕ ስለዝኾነ ገንዘብ ክትመልኡ ዘይትኽእሉ ምኽንያት እንተ ኣልዩካ በጃኹም ንገሩና። ንኣብነት ኣብ ገዛኹም ዘሎ ሰብ ናይ ጥዕና ጸገም እንተ ኣልይዎ ቀጻሊ ጸዓት ወይ ካልእ ፍሉይ ድሌት እንተ ኣድልይዎ ንገሩና። ኣድላዪ እንተ ኾይኑ ብዛዕባ ካልእ ናይ ክፍሊት ሜላታት ክንመያየጠሉ ንኽእል ኢና።